Embassy of the State of Eritrea
United Kingdom

**London: 16 May 2010** **REF: MEDIA/PUBL/MAY 2010**

# መዓልቲ ቆልዑን ስድራቤትን ብኣጋጣሚ መዓልቲ ናጽነት

ከም መቐጸልታ ናይቲ “ግንቦት ንመዓልቲ ናጽነት” ዝብል ጥሙር መደብ መበል 19 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብ ላንደን ንምብዓል መዓልቲ ቆልዑን ስድራቤትን ኣብ **Lee Valley Recreation Centre** ዕለት 15 ግንቦት 2010 ብውዕዉዕ መንፈስ ኣትኻይዱ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣስታት 900 ቆልዑን መንእሰያትን ልዕሊ 450 ዓበይትን ዝርከቡዎም 1350 ሰባት ተሳቲፎም።



ኣብቲ ኣጋጣሚ ስፖርታዊ ውድድራት ኩዕሶ እግርን ኣትለቲክስን ናይ ኣወዳትን ኣዋልድን፡ ንጥፈታት ምዝንጋዕ ቆልዑ፡ ውድድር ቀለልቲ ጸወታታት (ኣብ ክሻ ኣቲኻ ቅድድም፡ ውድድር እንቋቑሖ ብማንካ፡ ወዘተ..) ተኻይዱ። ተመሳሳሊ ውድድራት ዓበይትን ቅድድም ጉያ ዓበይትን (ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን) እውን ኣካል ናይቲ መሳጢ መደብ ነይሩ።



እቲ ኣጋጣሚ መዓልቲ ናጽነት ንምድማቕ መታን ኪውዕልን ኣብ ቆልዑ ጽልዋ ምእንቲ ኪፈጥርን ድማ እዚ ዝስዕብ ንምኩስኳስ ሓድሽ ወለዶ ዝሕግዝ ማሕበራውን ባህላውን ንጥፈታት ተኻይዱ፡-

- መንእሰያት ህግደፍ ዝመርሑዎ መደብ ውርሻ “**ቆልዑ ኣብ ሰውራ**” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንቆልዑ ንምልላይን ካብ ተባዚሑ ዝተቐረበ ስእልትታት ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ መሪጾም ድማ ናቶም መልእኽቲ ጽሒፎም፡
- ምስ ሃገራዊ ትእምርታት ንምልላይ፡ ገመል፡ ሽዳ፡ ናቕፋ (ገንዘብ ይኹን መስጊድ ናቕፋ) ስኢሎምን ኣብ ዝተቐረበ ስእሊ ሕብሪ ለኺዮምን፡
- መዓልቲ ልደት ኤርትራ እትውክል ብምስሊ ኤርትራ ዝተቐርጸት ኬክ ሰሪሖም፡
- ቆልዑ ኣብ ድሕረባይታ ባንዴራ ኤርትራ ተሳኢሎም መዘከርታ ስእሎም ወሲዶም፡

ብዘይካዚ ብመንእሰያት ዝተኣልየ ናብ ፕረሲደንት ኦባማ ዝለኣኽ ፐቲሽን ደብዳቤታት ንምጽሓፍ’ውን ኳስኳስ ተኻይዱ። ሽማግለ ፕሮጀክት ስድራቤት ሰማእታት’ውን ኳስኳሳት ኣካይዳ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት ንዝተዓወቱ ቆልዑን መንእሰያትን ዋንጫታትን መዳልያታትን ምስተዓደለ፡ እቲ ምሉእ መዓልቲ ዝወሰደ መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ሰዓት 18፡00 ድቀ ተዛዚሙ።

–‘q }HÍa!

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
መዲያን ሓበሬታን

96 White Lion Street, London N1 9PF Tel: +20 7713 0096 Fax: +20 7713 0161
e-mail: paamba@eriembauk.com